# ህዝባዊ ደሞክራሲ

ኣብ ከክልተ ወርሒ ዝሕተም ወግዓዊ ልሳን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ህደግኤ

ቅጺ 1 ቁ. 4
ነሓሰ 2005


## ትሕዝቶ መጽሔት


1. ሕቶ ብሄር ውድዓውን ዘይለዋወጥን ወድዓዊ ናይ ደሞክራሲ ሕቶ'ዩ..................... 1
2. ብደም ንጹሃን ጨቅየን ብደም ንጹሃን ዘለዋ ኣእዳው................................................ 5
3. ኣብ ከባቢና ዝረአ ዘሎ ናይ ሰላምን ደሞክራስን ምዕባለን ጽልዉኡ ንሃገርናን....... 8
4. ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ................................... 12


## ሕቶ ብሄር ወድዓውን ዘይለዋወጥን ናይ ደሞክራሲ ሕቶ እዩ

ኤርትራ ዝተፈላለዩ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን-ህዝብታት ዘቕሙዋ ሕብረ-ብሄራዊት ሃገር'ያ። ነዚ ሓቂ'ዚ፣ ዝኾነ ኤርትራዊ ዉልቀ-ሰብ፣ ዉድብ ይኹን ፓርቲ ዝኽሕዶ ነገር ኣይኮነን። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ሕቶ ብሄራትን ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትን ኣብ ዝምልከት ዝተፈላለዩ ርእይቶታትን እምነታትን ከንጸባርቑ ጸኒሖምን ገና ዘንጸባርቑ ዘለዉን እዮም። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ወግዓዊ ልሳንና መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ቅጺ 1 ቁ. 3 ግንቦት 2005 ብዛዕባ ብሄራዊ ብዙሕነት ዝምልከት፣ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዘለዎ ተረድኦን ኣብ ልዕሊ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ዘይተኣደነ ኩሉ መዳያዊ ጭቆናን ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ዝርከቡ ተቓወምቲ ዉድባትን ዉልቀ-ሰባትን ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ብሄራዊ ብዙሕነት ዘለዎም ርእይቶታትን ዘልዕ ልዎም ነጥብታትን ኣመልኪትና ዉድባዊ እምነትና /ርእይቶና/ ገሊጽና ምንባርና ዝዝከር'ዩ። ንሎሚ ድማ በቶም ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ዝርከቡ ዉድባትን ዉልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ኣብ ክሊ ብሄራዊ ብዙሕነት ናይ ህዝብታትናን መሰሎምን፣ ናይ ምዉሳን ተራኦምን ኣመልኪቶም ዘልዕልዎምን ርእይቶኦም ዝህቡሎምን ዘለዉ ኣብ ዝምልከት፣ ዘለና ርእይቶን እምነትን ክንገልጽ ኢና። ቅድሚኡ ግን እቶም ኣብ ዝሓለፈ ሕታም መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ዝተላዕሉ ነጥብታት ይኹኑ ሕጂ ኣልዓልና ንዘራረበሎም ነጥብታት፣ ኣብ ሕቶ ብሄራዊ ብዙሕነትን ዘይብዙሕነትን ጥራሕ ዝተሓጽሩ ከም ዘይኮኑ፣ እንታይ ደኣ መሰረታዊ ፖለቲካዊ መበገሲኦም፣ ሕቶ መሰል ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራን ናይ ምዉሳን መሰሎምን ኣብ መጻኢት ኤርትራ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን መሰል ብምልኣት ዘረጋግጽን ዝምልስን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ይሃሉ'ዶ ኣይሃሉ? ዝብል ፖለቲካዊ እምነት ማእከል ዝገበረ መበገሲ ምዃኑ ምስትውዓል ዘድልዮ ምዃኑ ከነገንዝብ ንፈቱ።

ቀጺልና እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ንርኤ፦

1. “ብዛዕባ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝምልከት፣ ቋንቋውን ማሕበራውን ባህላውን ብዙሕነት ምኽባር እንተደኣ ኢልና እኹል'ዩ፣ ካብኡ ንላዕሊ ክኸይድ ኣይግባእን” ዝብል ርእይቶ ብቐጻሊ ክወሃብ ይስማዕ እዩ። ዋናታት ናይዚ ርእይቶ'ዚ ዝኾኑ ዉልቀ-ሰባት፣ ጉጅለታት፣ ዉድባት ስለምንታይ እዮም ንብሄራዊ ብዙሕነትን መሰል ናይ ብሄራትን ጎስዮም ንቋንቋውን ማሕበራውን ባህላውን ብዙሕነት ጥራሕ ክኽበር ኣለዎ ዝብሉ? ናይዞም ዝተጠቕሱ ነጥብታት ብዙሕነት ብዘይ ህልዉናን ምዉሳእን ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ክህሉ'ዶ ይኽእል'ዩ? መልሱ፣ ብሓጺሩ ኣይህሉን እዩ። መበጊሲ ናይቶም ዋናታቱ ግን ብዙሕነታዊ ህልዉናን መሰልን ናይ ብሄራት ክቕበሉ ብባህርን እምነትን ስለዘይከኣሉን ዘይደለዩን፣ ብዝተሸፋፈነ ኣገባብ ንሕቶ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ክጎስዩዎን ጀሊሖሞ ክሓልፉን ስለዝደልዩ እዮም፣ ነዚ ግጉይን ዘይወድዓውን ርእይቶ ክህቡን ከስምዑን ዝግደዱ ዘለዉ። ይኹን ደኣ'ምበር ዝኾነ ቋንቋ ክህሉን ክግለጽን ካብ ናይ በዓል-ቤቱ ዝኾነ

ኣካል ህልዉናን ተሳትፎን ወጻኢ ክህሉን ክስረሓሉን ኣይክእልን እዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ማሕበራዊ ብዙሕነት ምኽባር ብዝምልከት'ውን ናይ መን ማሕበራዊ ብዙሕነት ዝብል ሕቶ መልሲ ክረክብ ግድን እዩ ዝኸውን። ኣብዚ'ውን ንሓደ ብሄር /ብሄረ-ሰብ/ ማሕበረ-ቁጠባዊ ወድዓዊ ክውንነቱ ከይተቐበልካ ማሕበራዊ ብዙሕነቱ ክተኽብር ብፍጹም ዘይከኣል እዩ። ከምኡ'ውን ባህላዊ ብዙሕነት ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ክኽበር ኣለዎ ክበሃል'ውን ብዘይ ብሄራዊ ህልዉናን መሰልን ምዉሳእን ባህላዊ ብዙሕነት ክህሉን ክኽበርን ብፍጹም ኣይከኣልን እዩ። ስለዝኾነ፡ እዞም ባእታታት እዚኣቶም ዘልዕልዎ ዘለዉ ምኽባር መሰል ሕብረተሰብ ኤርትራ ንብሄራዊ ህልዉናን ዝተማለኤ መሰልን፡ ናይ ብሄራትን ብሄረሰባትን ኤርትራ ብወድዕነቱ ምቕባል ስኢኖም ክነሶም "ቋንቋውን ማሕበራውን ባህላውን ብዙሕነት ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ክነኽብር ኣለና" ኢሎም ዝህብዎ ርእይቶ /መደረ/፡ መሰረት ዘይብሉን ንሓደ ሕሙም ሰብ "ፍርቂ ጎኻ እዝጊ ይምሓርካ" ከም ምባልን እዩ ዝቘጸር። እዚ፡ በዞም ኣካላት እዚኣቶም ዝወሃብ ዘሎ ፖለቲካዊ ርእይቶ'ዚ፡ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰል ካብ ዘይምእማንን፡ ዕድሎም ባዕሎም ናይ ምዉሳን መሰል ካብ ዘይምድጋፍን ዝብገስ ተቓዉሞ እዩ። ንሳቶም ግን ብተግባር ሕቶ ብሄራዊ ብዙሕነት ኣይንኣምንን፣ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ዝተማለኤ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ክህልወንን፡ ዕድሎም ብመሰል ርእሰ-ዉሳኔ ክዉስኑን ኣይንቕበልን፡ ኣይነፍቅድን እዮም ዝብሉ ዘለዉ። ብግልጺ ይገልጽዎ እኳ እንተዘይሃለዉ፡ ካልእ ዝጭበጥ ምኽንያት የብሎምን። እቲ ሓቂ ንሱ እዩ። ንሓደ ህዝቢ/ብሄር "ቋንቋኻ፣ ባህልኻ፣ ማሕበራዊ ጠቕምኻ፣ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ህዝብታት ክነኽብረልካ ኢና፣ ካብዚ ወጻኢ ኩሉ መዳያዊ መሰልካ ከተረጋግጽ ኢልካ እትገብሮ ምንቅስቓስ ግን ኣይፍቀደልካን እዩ" ማለት'ከ እንታይ እዩ ፖለቲካዊ ትርጉሙ? ብሓጺሩ መሰል የብልካን፣ ንድሌትካን መሰልካን ንሕና ኢና ንፈልጠልካ ወይ ንዉስነልካ እዩ ትርጉሙ። እዚ ከኣ ተጽዕኖ፣ ምልኪ፣ ጭቆና፣ ዓ ፈና ...ወዘተ ማለት'ዩ። ዋናታት ናይዚ ርእይቶ'ዚ ይቀበልዎ ኣይቀበልዎ ብዘየገድስ፡ ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰል ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን-ህዝብታት ኤርትራ ይቃወሙ እዮም ዘለዉ። ከምዚ ዓ ይነት ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ድማ፡ ህዝብታት ኤርትራ ካብ ዝወርዶም ዘሎ ደርባውን ብሄራውን ጭቆናን ኣድልዎን ንምንጋፍ ዘካይድዎ ዘለዉ መሪር ተጋድሎ መሊኡ ዘይኣምንን ዘይድግፍን፤ ብኣንጻሩ ክቕጽል ወድዓዊ ተራ ዘበርክት ግጉይ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ እዩ። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ብሽፋን ሃገራውን ህዝባውን ሓድነትን ቀጻልነትን ዝቐርብ'ኳ እንተኾነ፡ ኣበርክትኡ ግን ጸረ ሓቀኛ ሃገራውን ህዝባውን ሓድነት'ዩ። ሃገርን ህዝብን ብዝኸፍኤ ናብ ሓደጋ ምፍንጫልን ምብትታንን ክኣትዉ ዝገብር'ዩ።

እዚ ግጉይ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ'ዚ ኣብ ተግባር ንምውዓሉ ኣብ ዝፍተነሉ ግዜ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ክስዕብ ዝኽእል ጸገማት፡ ልክዕ ከምቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንወድዓዊ ህልዉና ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ብምኽሓድ፡ ኣብ ክንድኡ ከም "ናይ ቋንቋ ጉጅለታት" ብምርኣይ ኩሉ መዳያዊ መሰሎም ብምግሃስ፡ ኣብ ልዕሊኦም ዘካይዶ ዘሎ ጭቆናን ምዝመዛን ዓፈናን ኣድልዎን፡ ኣፍራሲ ተግባራትን እዩ ዝኸውን። ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ደቆምን (እንከላይ ዋናታት ናይ'ዚ ግጉይ ፖለቲካዊ ርእይቶ'ዚ ዝኾኑ ዉልቀ-ሰባት፣ ዉድባት፣ ፓርትታት) ነቲ ኣብ ልዕሊኦምን ኣብ ልዕልሊ ሃገሮምን ወሪዱ ዘሎ፡ ዉጽኢት ናይቲ ግጉይ ፖለቲካዊ እምነት ናይቲ ስርዓት ዝኾነ ሓደጋ ንምፍታሕ ክብሉ፡ መሪር ቃልሲ ዘካይዱን መስዋእቲ ዝኸፍሉን ኣካሎም ዝጎድሉን ንስደት ዝሳጠሑን ዘለዉ። ስለዝኾነ፡ ዝኾነ ፖለቲካዊ ዉድብ /ፓርቲ/ ንወድዓዊ ህልዉና ናይ ህዝብታት/ብሄራት ከይተቐበለ፣ ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰሎም ከይኣመነ፣ ዕ ድሎም ባዕሎም ክዉስኑ ክሳብ ዘይፈቐደን ናይ ፖለቲካዊ እምነቱ ዉጽኢት ብተግባር ልክዕ ከምቲ ናይ መንግስቲ ህግደፍ ተግባራት እዩ ዝኸውን። ካብዚ ዝተፈልየን ህዝብን ሃገርን ዝጠቅምን ንክኸውን፡ ወድዓ ዊ ህልዉና ናይ ህዝብታትና ብወድዕነቱ ዝቕበል፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰል ናይ ህዝብታት ዝኣምንን፡ ህዝብታት ዕድሎምን ድሌቶምን ባዕሎም ናይ ምዉሳን መሰልን ስልጣንን ከም ዘለዎም ዝቕበልን ዘኽብርን ፖለቲካዊ እምነት ምስ ዝህሉ ጥራሕ'ዩ። ካብዚ ወጻኢ ነቲ ኣብ ህዝብታትናን ሃገርናን ወሪዱ ዘሎ ጸገማት ዝፈትሕ ዘይኮነስ፡ ብኣንጻሩ ክቕጽል ዝገብር'ዩ።

2. "ንብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ጉዳዮም ባዕሎም ክዉስኑ ኣለዎም ዝብል መሰል ምሃብ ጌጋ እዩ፤ ምኽንያቱ ሕቶ ብሄር ተመጣጢ ሕቶ እዩ፣ ከም ድላይካ ክትርጎም ስለዝኽእል፣ ኣበይ ጠጠው ክብል ከም ዝኽእል'ውን ፍሉጥ ኣይኮነን" ዝብል ርእይቶ'ውን ኣብዚ ግዜ'ዚ ተደጋጊሙ ይስማዕ እዩ። እዚ ርእይቶ'ዚ ብሄራት/ህዝብታት ጉዳዮም ክዉስኑ እንተተፈቒዱሎም ጸገም ክስዕብ ከም ዝኽእል'ዩ ስግኣቱ ዝገልጽ ዘሎ። እዚ ስግኣት'ዚ ድማ ብሄራት መሰል እንተተዋሂቡዎም መንገዲ ምንጻል እዮም ዝመርጹ ካብ ዝብል ስግኣት ዝብገስ እዩ። እዚ ስግኣት'ዚ ብመሰረቱ ግጉይ ስግኣት'ዩ። ምኽንያቱ ህዝብታት ምሉእ መሰል ረኺቦም፡ ብዛዕባ ህልውን ናይ መጻእን ኩሉ መዳያዊ ፖለቲካዊ ህይወቶም ክዉስኑ ዕድል ኣብ ዝረኸብሉ ጊዜን ኣጋጣምን ምንጻል ጥራሕ'ዮም ዝመርጹ ዝብል ሞጎትን ተረድኦን ቅኑዕ ኣይኮነን። ናይ ህዝብታት /ብሄራት/ ቀዳማይን ልዕሊ ኩሉን ዝህሉ ድሌትን ምርጫን፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰሎም ከረጋግጸሎም ዝኽእል ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ብምምስራት ህዝባውን ሃገራውን ሓድነቶምን ረብሐኦም ኣረጋጊጾም ብሓድነት ክነብሩ'ምበር፡ ምንጻል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ረብሐኦም ካብ ደሞክራስያዊ ሓድነት'ምበር ካብ ምንጻል ስለዘይኮነ። ሓደ ህዝቢ/ብሄር ምንጻል ክመርጽ ዝግደድ ምስቶም ካልኦት ኣካላት ህዝቢ ማዕ ርነታዊ ረብሓን መሰልን ምስ ዝስእንን ማዕርነታዊ መሰሉን ረብሕኡን ከረጋግጽ ክብል እኹል ቃልስን ጻዕ ርን ገይሩ ኣብ ዕጹው ኣፍደገ ምስ በጽሐ ከም ናይ መወዳእታ ምርጫ ናይ ምንጻል ስጉምቲ ብህዝበ-ዉሳኔ

ብምዉሳን ዝወስድ። እዚ ከኣ ዉጽኢት ናይቲ ምእንቲ ናይ ዉሑዳት ፖለቲካዊ ስልጣንን ረብሓን ክበሃል ናይ ብዙሓን (ብሄራት) ፖለቲካዊ ስልጣን ብምምንዛዕ ኣብ ልዕሊኦም ዝወርድ ግፍዕን ምዝመዛን ኣድልዎን ሓሳረ-መከራን ሳዕቤን'ምበር፡ እቶም ብሄራት ዘበግሰዎ ጠንቂ ኣይኮነን።

ምስ'ዚ ብምትሕሓዝ እቲ "ሕቶ ብሄር ተመጣጢ እዩ፣ ኣበይ ጠጠው ከም ዝብል'ውን ኣይፍለጥን እዩ" ብዝብል ዝቐረበ መራጎዲ ርእይቶ ብዝምልከት፡ መበገሲኡ እቲ ልዕል ክብል ዝተጠቐሰ ነጥቢ፡ ማለት "ብሄራት ጉዳዮም ባዕሎም ክዉስኑ እንተተፈቒዱሎም ግጉይ እዩ" ዝብል፡ ነዚ ነጥቢ'ዚ ንምርጓድን ንሕቶ ብሄር ተሃዋስን ሓደገኛን ኣምሲሉ ንምቕራብ ዝቀቀመሉ ፖለቲካዊ ኣገላልጻ እዩ። ሕቶ ብሄራት ዘይቀዋምን ተመጣጥን ዝኾነ፡ ሰብ/ዉድብ ከም ድላዩ ዝገብሮን ዝገልጾን ኣይኮነን። ቀዋምን ስሩትን ወድዓውን ናይ ገዛእ ርእሱ መግለጽን ሕግን ዘለዎ ህዝባዊ ክውንነትን ሕቶን እዩ። ዋናታት ናይዚ ርእይቶ'ዚ ግን ካብቲ ዘለዎም ናይ ህዝቢ መሰልን ማዕ ርነትን ዘይኣምንን ህዝብታት ዕድሎም ባዕሎም ናይ ምዉሳን መሰሎም ዘይምቕባልን፡ ናይ ብሄራት ፍቶታዊ ደሞክራስያዊ ሓድነት ዘይቅበል ፖለቲካዊ ርእይቶኦም ብምብጋስ ስለዝርእይዎ፡ ናይ ብሄር ሕቶ ከም ተራ ነገርን ከም ድላይካ ክትገብሮ ከም ዝከኣል ገይሮም ከቕርብዎ እዩ ዝቐንየም። እዚ ከኣ ናይ ባህርን ፖለቲካዊ ኣረኣእያን እምነትን ጉዳይ እዩ። እዞም ኣካላት'ዚኣቶም ድማ ኣብ ክንዲ ናይ ብዙሓት (ህዝቢ፡ ብሄር) መሰልን ረብሓን ናይ ዉሑዳት፡ ኣብ ክንዲ ፍቶታዊ ደሞክራስያዊ ሓድነት ናይ ህዝብታትን ሃገርን፡ ግዱድ ሓድነት፣ ኣብ ክንዲ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ተራን ወሳንነት ምእማንን ምቕባልን ናይ ዉሑዳት ተራን ወሳንነትን ይኣምኑን ይቕበሉን። ስለዝኾነ ኸኣ ንወድዓውነትን ቀዋምነትን ናይ ህዝብታት ሕቶ ብከምቲ ዝተጠቕሰ ኣቃሊሎም ከም ተሃዋሲ ገይሮም ከቕርብዎ ባህርያዊ እዩ።

3. "ብሄራት ክሳብ ምንጻል ዝበጽሕ መሰል እንተደኣ ተዋሂቡወን፡ ኣብ ከባቢ ዶብ ዝርከባ ብሄራት መምስ ዝመሳሰልዎም ብሄራት ናይ ጎረባብትና ሃገራት (ኢትዮጵያን ሱዳንን) ክሓብሩ ስለዝኽእሉ፡ ሓደገኛ እዩ፤ ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ" ዝብል ርእይቶ፡ ካብቶም ልዕል ኢሎም እናተጠቕሱ ዝመጹ ብዝተፈላለየ መልክዕ ናይ ኣገላልጻ ዝቐርቡ ነጥብታት ብመሰረታዊ ትሕዝትኡ ዝፍለ ኣይኮነን። ዝፍለየሉ ነጥቢ እንተሃለወ፡ ኣብ ኣቀራርብኡ እዩ። እዚ ኸኣ ንኣብ ከባቢ ዶብ ዝርከባ ብሄራትና ምስ ናይ ከባቢና ሃገራት ዝመሳሰልዎም ብሄራት ብምዝማድ ብቐሊሉ ተነጺሎም ክኸዱ ከም ዝኽእሉ ኣምሲልካ ምቕራብ'ዩ። ኣብ ከባቢ ዶብ ዘይርከቡ ህዝብታት ኤርትራ ነዞም ዝተጠቕሱ ብሄራት ብዓይኒ ጥርጠራ ክጥምትዎም ብምግባር፡ ደጋፊ መሓዛ ክስእኑን ካብዚ ዝብገስ ናይ ባዶነት መንፈስ ከም ዝሓድሮም ብምግባር፡ እቶም ንብሄራዊ መሰሎም ተወዲቦም ቃልሲ ዝጀመሩ ብሄራት ቃልሶም ከም ዝዳኸም፣ እቶም ካልኦት ብሄራት'ውን ገና ዝተወደበ ቃልሲ ከይጀመሩ እንከለዉ፡ ብናይ ፖለቲካዊ ተነጽሎነት ስምዒትን መንፈስን ክጥቅዑን፡ ቃልሶም ንምስንኻልን ዝበሃል ግጉይን ነጻጻልን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ እዩ። እዚ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ እዚ ነቲ ናይ ትምክሕተኛታት ጸረ ናይ ህዝብታት ፍቶታዊ ሓድነትን ምትእምማንን ምድግጋፍን ዝኾነ ኣተሓሳስባ ብተግባር ዝገልጽ፡ ምእንቲ ናይ ዉሑዳት ልዕልነትን ጠቕምን ድሌታትን ክብል፡ ንሰረታት ናይ ህዝባውን ሃገራውን ሓድነትን ቀጻልነትን ዝሸርሽርን ዘፍርስን ኮይኑ፡ ግዱድ መሬታዊ ሓድነት ክህሉ ቀዳምነት ሂቦም ንምዕዋቱ ናይ ዝሰርሑ ግጉይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ እዩ። ስለዝኾነ ፈላሊኻ ስራሕ /ግዛእ/ ዝብል ዘይቅኑዕ ፖለቲካዊ ሜላ እናተጠቐሙ፡ ህዝብታት ብምቁንጻብን ሕድሕድ ክጠራጠሩ ብምግባርን፡ ሓድነት ናይ ዉጹዓት ክልሕልሑ፡ ናይ ዘይምትእምማን መንፈስ ክህሉ እናገበሩ፡ ተሓለቕቲ ሃገራዊ ሓድነት መሲሎም ናይ ዝረኣዩ ዉሑዳት ድሌትን ኣተሓሳስባን ስለዝኾነ፡ ኣብ ህዝብን ሃገርን ኣሉታ ዘስዕብ'ምበር ዝህቦ ኣወንታዊ ፖለቲካዊ ፋይዳ የለን። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣረኣእያ ጭርሖ ሃገራዊ ሓድነት ዝተሓንገጠን ዝጭርሕን ስለዝኾነ፡ ንዝተወሰነ ግዜ ንዉሱናት ንጹሃት ከደናግር ከም ዝኽእል ግን ፈጺሙ ዝከሓድ ኣይኮነን። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ፖለቲካዊ ምድንጋር ምድሓን ዝከኣል ድማ ናይቲ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ባህርን ትሕዝቶን ናይ ህዝብታት ሓድነትን መሰልን ብንጹርነት ክኽበሩ ዝኣምንን ዝድግፍን ድዩ? ህልዊ ደኹን መጻኢ ዕድሎም ባዕሎም ናይ ምዉሳንን ምምራሕን መሰል ዝቕበልን ዘኽብርን ኣረኣእያ ድዩ ወይስ ብኣንጻሩ? ዝብሉ ኣገደስቲ ሕቶታት መምዘኒ ብምዋቃም ምፍታሽን ምግምጋምን ኣድላይ እዩ። ብኸምዚ ኣገባብ'ዩ ሓቀኛ ህዝባውን ሃገራውን ሓድነት ዝኣምንን ዘረጋግጽን ፖለቲካዊ ዕ ላማታት ክፍለጥን ተነጺሩ ክቕመጥን ዝከኣል። ካብዚ ወጻኢ ከምቲ "ኩሉ ዝዓፍር ጸባ ኣይኮነን" ዝበሃል ብስም ሃገራዊ ሓድነት ዝጭራሕ ኩሉ ሓቀኛ ክኸውን ስለዘይክእል ግቡእ ፖለቲካዊ ኣስተብህሎ ዘድልዮ እዩ።

እዞም ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ወግዓዊ ልሳንና ዝተጠቕሱ ደኹን ሎሚ ንጠቕሶም ዘለና ፖለቲካዊ ርእይቶታት ጽሙቕ ኣቢልካ ክረኣዩ እንከለዉ፡ ኣብ ናይ ህዝብታት ወድዓዊ ክውንነትን፡ ክህልዎም ዝግባእ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልን፡ ህልውን መጻእን ዕድሎም ናይ ምዉሳን ክህልዎም ዝግባእ መሰልን ስልጣንን፡ ሃገራዊ ሓድነትን ኣብ ዝምልከቱ ነጥብታት ክጠቓለሉ ይኽእሉ። ብወገንና ብዛዕባ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን- ህዝብታት ዝተማለኤ መሰልን ዉሕስነት ዘለዎ ሃገራዊ ሓድነትን ብዝምልከት እቲ ቅኑዕን ዝሓሸን ክኸውን ኣለዎ ኢልና እንኣምነሉን፡ ንምዕዋቱ እንቃለሰሉን ደሞክራስያዊ ዕላማ ብጽሟቕ እዚ ዝስዕብ እዩ፡-

- ወጹዓት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን- ህዝብታት ኤርትራ ናይ ገዛእ ርእሶም ዕድል ብገዛእ ነብሶም ናይ ምዉሳን መሰል ክህልዎም ምእማንን ምግባር።
- ኣብ ልዕሊ ብሄራትን ብሄረሰባትን ኤርትራ ንዝግበር ኩሉ መልክዕ ጭቁናን ኣድልዎን ደሞክራስያዊ ፍታሕ ምግባር። ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን- ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ክንድኦም ካልእ ተካእን ወሳንን ከይተገብረሎም ካብ ዝኾነ ደኹን ተጽዕኖ ነጻ ኮይኖም መጻኢ ዕድሎም

ባዕሎም ዝዉስንሉ ምርጫ ክህልዎም ዘኽእል ምቹእ ባይታ ምፍጣርን፣ ንነጻ ምርጫን ዉሳኔኦምን ተቐቢልካ ሙሉእ ብሙሉእ ተግባራዊ ምግባርን፣

- ናይ ጭቁናት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ዘተኣማምንን ዘላቕን ሓድነት ክፍጠር ዝኽእል፡ ሓቀኛ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ክምስረትን፡ ህዝባዊ ደሞክራሲ ክረጋገጽን እንከሎ ጥራሕ እዩ። ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ከኣ ናይ ህዝብታት /ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን/ ጠቕሚ ክሕሎ ዝኽእል ብምግንጻል ዘይኮነስ ብሓድነት እዩ። ስለዝኾነ፡ ናይ ኤርትራ ሃገርና ህዝብታት ሓድነት ኣብ ድሌት ዝተመርኮሰ፡ ሓድሽን ድልዱልን መሰረት ዘለዎ፣ ኣብ ትሕቲ ሓቀኛ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ክምስረት ብዘይምቁራጽ ቃልሲ ምክያድ። ነዚ ኣብ ድሌትን ምርጫን ናይ ህዝብታትና ዝምስረት ሓድነት ዝዕንቅፉ ናይ ብሄራዊ ትምክሕትን ብሄራዊ ጽበትን ኣተሓሳስባታት ክዉገዱ ድማ ምቅላስ።
- ኣብ መጻኢት ኤርትራ ብድሌትን ዉሳነን ናይ ህዝብታትና ዝምስረት ህዝባዊ፣ ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ- ፍትሓዊ ሓድነት ህዝብታት /ብሄራት/ ከዕ ቁብ ዝኽእሎ ዘይተጓደለ መሰላት ናይ ህዝብታትና ዘረጋግጽ ተግባራት ክወስድ ምግባር።
- ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ መሰል ርእሰ-ዉሳኔኦም ብሪፈረንደም (ድምጺ ህዝቢ) ኣቢሎም ክሳብ ምንጻል ዝበጽሕ ዉሳኔ ክዉስኑ ከም ዝኽእሉ ምእማንን ንዉሳኔኦም ምቕባልን ንተግባራዉነቱ ምቅላስን።
- ኩሎም ብሄራትን ብሄረሰባትን ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ሃገር ማዕረ መሰልን ግቡእን ከም ዘለዎም ምርግጋጽ። ብሰንኪ ናይ ዝሓለፉን ዘለዉን ገዛእቲ ደርብታት ዝተፈጥረ ዘይተመጣጠነ ናይ ምዕባለ ኝኽመጣጠን ምቅላስ። ናይ ሓባር ምዕባለ /ግስጋሰ/ ንምርግጋጽ ካብ ኩለን ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኣብ ኩሉ መዳይ ናይ ቃልሲ ብቑዕ ዓቕምታት ንምምልማል ምቅላስ። ነቶም ብምዕባለ ኣዐርዮም ድሕሪት ዝተረፉን፡ ብኵናት ዝተጎድኡን ከባቢታት ከኣ ፍሉይ ትኹረት ሂብካ ምስራሕ።
- ኩሎም ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን- ህዝብታት ኤርትራ ቋንቋኦም ኝኽማዕብሉን ክጥቀሙሉን፣ ታሪኾም ክፍለጥን ክኸብርን መሰሎም ሕልው ምግባር። ገስጋሲ ሸነኻት ባህሎምን ልምድታቶምን ብምዕቃብ ኝኽማዕ ብልዎ ምቹእ ባይታ ምፍጣር።
- ገዛእቲ ደርብታት በብጊዜኡ ንኤርትራ ንረብሐኦምን ረብሓ ጎይተቶም ናይ ወጻኢ ሓይልትትን ክብሉ ክሳብ ሕጂ ክገብርዎ ዝጸንሑን ዘለውን ዞባዊ ምምሕዳራዊ ቅርጻን ብቐጻሊ ዝገብርዎ ናይ ከፋፊልካ ግዛእ ሜላን ምምቕቓላትን ሙሉእ ብሙሉእ ምድምሳስ። ኣብ ክንድኡ ናይ ኤርትራ ምምሕዳራዊ ቅርጻ፡ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኣቀማምጣ /ኣሰፋፍራ/ መሰረት ዝገበረ፡ ብሓድሽ ህዝባውን ደሞክራስያውን መትከል እንደገና ክቕረጽ ምግባር። ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን- ህዝብታት ኤርትራ ንናይ ከባቢኦም ዉሽጣዊ ጉዳያት ዝዉስንሉን ብቋንቋኦም ዝዳነይሉን ኣሰራርሓን ሰፊሕ ዉሽጣዊ ነጻነት ዘፍቅድ ፌደራላዊ ምትእስሳር ከም ዝህልዎም ምግባር። ናይ ዉሽጣዊ ምምሕዳር ደረጃ ብናይ ህዝቢ ምርጫ ክዉሰን ምግባር።

እዞም ዝጥቀሱ ዘለዉ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ነጥብታት ናይ ብሄራትን ብሄረሰባትን ኤርትራ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ክረጋገጹን፣ ናይ ህዝብታትና ነጻነትን ናይ ምዉሳን ስልጣንን ዘረጋግጹን፣ ኣብ ናይ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ፍቶታዊ ድሌት ዝተመስረተ ዘተኣማምንን ዘላቕን ህዝባውን ሃገራውን ሓድነት ክህሉ ብዝተጨበጠ ኩነታት ዉሕስነት ዘረጋግጹን፣ ንህዝባውን ሃገራውን ዕብየትን ምዕብልናን ኣፍደገ ብምኽፋት ዘረጋግጹን እዮም። ካብዚ ወጻኢ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ናይ ህዝብታትና ዘየረጋግጽ፣ ናይ ሓፋሽ ስልጣንን ተሳትፎን ወሳኒ ተራን ዘይቅበል፣ ብስም "ሃገራዊ ሓድነት" ዝጭራሕ ንግዝኣታዊ ሓድነት ከም ብሕታውን ወሳንን ገይሩ ዝወስድ ፖለቲካዊ እምነት ግን፡ መሰረት ናይ ጭቆናን ኣድልዎን፡ ምፍራስ ህዝባውን ሃገራውን ሓድነት'ዩ ዝኸውን። ከምዚ ዓይነት ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት ፖለቲካዊ እምነት ከኣ ዝምረጽ ኣይኮነን። ዝጠቅም እንተዝኸውን ነይሩ፡ እቲ ምልካዊ ስርዓት ዝኽተሎ ዘሎ ትምክሕታውን ጸረ ህዝብን ሃገርን ኣፍራሲ ፖለቲካዊ እምነትን ተግባራትን ምተመርጸን ምተደገፈን ነይሩ። ስለዘይድገፍን ዘይምረጽን ድማ እዩ፡ ህዝብታት /ብሄራት/ ኤርትራ ካብቲ እዚ ግጉይ ፖለቲካዊ እምነት'ዚ ዝፈጠሮ ጭቆናን ኣድልዎን ኩሉ ዓይነት ሓሳረ-መከራን ንምንጋፍ ክብሉ እዮም ናብ ዳግማይ ቃልስን ምኽፋል መስዋእትን ምጉዓል ኣካልን ክኣትዉ ዝግደዱ ዘለዉ። ስለዚ እቲ መሰል ናይ ህዝብታትን ተራኦምን ዓምጺጽካን ንጎኒ ገዲፍካን፡ ንፍቶታዊ ህዝባዊ ሓድነት መሰረት ናይ ሃገራዊ ሓድነት ምኻኑ ነጺግካ፡ ንመሬታዊ ሓድነት ዝፍተን ፈተነ ግጉይን መሰረትን ዉሕስነትን ዘይህብ ፖለቲካዊ እምነት'ዩ። ብሓይሊ ንምትግባሩ ምፍታን ከኣ ዉጽኢቱ ክሳራን ምፍልላይን ጥራሕ'ዩ ዝኸውን። ብመሰረቱ'ውን ግዱድ ሃገራዊ ሓድነት (ግዝኣታዊ ሓድነት) ብዘይ ናይ ህዝብታት ጠቕምን ረብሓን ምርጫን (ዉሳኔን) ናይቲ ግኡዝ ነገር /መሬት/ ሓድነት ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ሓደ ሃገር፡ ህዝብታት ህልዉነኦም ዓቂቦም መሰሎምን ጠቕሞምን ኣረጋጊጾም፡ ህዝባዊ ሉኣላዉነቶም ብምርግጋጽ ክነብርሉ ዝመርጹ፡ ዝተነጸረ ዶብ ዘለዎ መሬት'ምበር፡ ንበይኑ ብዘይ ህልዉና ናይ ህዝቢ/ብሄር ክግለጽ ዝከኣል ስለዘይኮነ። ስለዘይኮነ ድማ ኣብ ክንዲ ሓድነት ሃገር ከተቐድም ምፍታን፡ ሓድነት ህዝብታት ምቕዳም'ዩ እቲ ልክዕ ኣገንዝቦን ኣገላልጻን ክኸውን ዘለዎ። ካብዚ ወጻኢ ናብ ግጉይ መንገድን መደምደምታን ዘብጽሕ እዩ።

ብዛዕባ ናይ ህዝብታት /ብሄራት/ ወድዓዊ ህልውናን መሰልን ወሳንነትን ምእማን፡ ዕድሎም ብነጻ ዉሳኔኦም ክዉስኑ ምእማንን ምቕባልን፣ ንህዝባውን ሃገራውን ሓድነትን ቀጻልነትን ፍቱን መድሓኒትን ዉሕስነትን እዩ። ናይ ህዝብታት /ብሄራት/ ዝተማለኤ መሰላት ክሳብ ምንጻል ዝበጽሕ ምእማን፡ ጠቓምን ናይ ህዝቢ ሉኣላዉነት ምኽባርን፡ ከም ኣፍራስን ክግበር ዘይግባእን ገይርካ ክቐርብን ክዉሰድን ቅኑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብ ዓለምና ብዙሓት ህዝብታት ንመትከል መሰል ርእሰ-ዉሳኔ ክሳብ ምንጻል ዝበጽሕ ዝኣምናን ዝሰርሓሉን ሃገራት ዉሑዳት ኣይኮናን። ንኣብነት ኣብ ካናዳ ዝተወሰኑ ካብ ህዝቢ ኵበክ፡ ንበይንና ይሕሸና ኢሎም ናይ ምንጻል ሕቶ ስለዘልዓሉ፡ ህዝቢ ኵበክ ዕድሉ ብድምጹ ክዉስን መሰል ተዋሂቡ፡ ሪፈረንደም ኣካይዱ'ዩ። ዝበዝሐ ድምጺ ንሓድነት

ስለዘድመጸ ግን ኣይተዓወተን። እቲ ህዝቢ ግን ዋላ ኣይተዓወት ናይ ምዉሳን ዕድሉ ተረጋጊጹሉ እዩ። ህዝብታት ኢትዮጵያ ነፍስ-ወከፍ ብሄር/ህዝቢ ክሳብ ምንጻል ዝበጽሕ መሰል ዘፍቅድ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሕገ-መንግስቲ ብድሌቶምን ነጻ ዉሳኔኦምን ብምጽዳቖ፣ ማዕርነታዊ ሂወቶም ኣብ ምምራሕ ይርከቡ ኣለዉ። ህዝቢ ደቡብ ሱዳን ን21 ዓመታት ዝተቓለሰሉ ምርግጋጽ ኩሉ መዳያዊ መሰሉን ናይ መጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ናይ ምዉሳን ስልጣኑን ሎሚ ተቐባልነት ረኺቡ ናይ መጻኢ ዕድሉ ብህዝብ-ዉሳኔ ከረጋግጸሉ ዝኽእል ምቹእ ፖለቲካዊ ሃዋህው ስለዝተፈጥረ፣ ዉግእ ጠጠው ኢሉ ይርከብ።

ኣብ ካልኦት ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ህዝብታት'ውን ንመትከል ፍቶታዊ ሓድነት ናይ ህዝብታትን ዕድሎም ብነጻ ናይ ምዉሳን መሰልን ተኸቲሎም ዝሰርሑ ዝነበሩን ዘለዉን ብዙሓት ክጥቀሱ ይከኣል'ዩ። እዚ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መትከልን ኣሰራርሓን እዚ ኣብ ኤርትራን ህዝብታታን ክሰርሓሉ ዘይክእል እንታይ ጸገም (ምኽንያት) ኣሎ? ብወገንና ክሰርሓሉ ዘይክእል ምኽንያት የለን ዝብል'ዩ እምነትና። እቶም "ክሰርሕ ኣይክእልን'ዩ" ዝብሉ ወገናት /ኣካላት/ ዝጭበጥ ምኽንያት እንተለዎም ከኣ ንተቓለስቲ ሓፋሽ ህዝብታትና /ብሄራትና/ን ተቓለስቲ ዉድባትን ከረድኡ ይኽእሉ እዮም። ካብዚ ወጻኢ ንሕቶ ብሄር ከም ዘይወድዓውን ዘይጭበጥን ርግኣት ዘይብሉ ተለዋዋጥን ዘይመሰረታውን ዘይደሞክራስያውን ሕቶ ኣምሲሎም፣ ብባዕላውን ዊንታውን ኣገላልጻ ንዉልቃውን ናይ ዉሑዳት ረብሓን ልዕልነትን ክውን ንምግባር ክብሉ፣ ንህዝባዊ ሕቶል ሉኣላዉነትን ወሳንነትን ኣነኣኢሶም ብምቕራብ፣ ልዕሊ ህዝብታትን ተቓለስቲ ዉድባትን ሓለይትን ተቆርቆርቲ ሃገርን ሃገራዊ ሓድነትን መሲሎም ክቐርቡ ዝግበር ፖለቲካዊ ፈተነታት ግን ዘይዕወትን ከንቱን፣ ኣብ ልዕሊ ናይ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ህዝብታትን፣ ህዝብታት ኤርትራን እናተፈተነ ዝመጸን፣ ብቃልስን ብታሪኽን ዝፈሸለን እዩ። ህዝብታት /ብሄራት/ ኤርትራ'ውን ልዕልን ቅድምን ህልዉነኦምን ኩሉ መዳያዊ መሰሎም፣ ዕድሎም ባዕሎም ናይ ምዉሳን ስልጣኖምን ዝስራዕ ዝኾነ ይኹን ዕላማን ዕማምን ስለዘይብሎም፣ ኢዶምን እግሮምን ኣጣሚሮም ዝቕበልዎ፣ ናይ ጭቆና ኣርዑት ዝስከሙ ከም ዘይኮኑ ምርዳእ'ውን ኣገዳሲ እዩ። ናይዚ ሓቂ'ዚ ጭቡጥ ኣብነት ምስክር ከኣ፣ እቲ ሕጂ ህዝብታትና ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዘካይድዎ ዘለዉ ህዝባዊ ቃልሲ እኹል መረጋገጺ እዩ።

ዝቕጽል ኣርእስቲ፦

<u>ብደም ንጹሃን ጨቅየን</u>

<u>ብደም ንጹሃን ዝሕጸባ ዘለዋ ኣእዳው</u>